

**መግለጺ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ- መሰረት ብምኽንያት**

**መበል 55 ዓመት ዝኽሪ ውግእ ተጎርባ (1964-2019)**

15 መጋቢት 1964, ስዉእ ጀግና ሓርበኛ መሓመድ ዓሊ ኢድሪስ ኣቡሪጀይላ፡ ንመጀመሪያ ግዜ ፊት ንፊት ጸላኢ ገጢሙ፡ ዓቢ ኽሳራ ዘሰከመላ ዕለት ጥራይ ዘይኮነት፡ መድረኽ ሳውራ ኤርትራ ዝቀየረትን፡ ኮረሻ እምበራጦር ሃይለ ስላሴ ዝነቕነቐትን፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክትሳጋገር ዘላ ኣዝያ ኣገዳሲት ዕለት እያ።

ብመጀመሪያ፡ ተጎርባ ኣብ ምዕራብ ኣቁርደት ሰመን ተሰነ ከምኡውን ሰሜናዊ ምዕራብ ባረንቱ ትረከብ ኮይና፡ ኣብታ ውግእ ብወገን ጸላኢ 84 ሰራዊት ክሞቱ 22 ቁሱላት ክኾኑ እንከለዉ፡ ብወገን ጀጋኑ ተጋደልቲ ግን ኣስታት 17 ኣቢሎም ከም ዝተሰዉኡን እዩ ዝሕበር።

ስዉእ ጀግና ኣቡ ሪጀይላ፡ ኣሰር ስዉእ ጀግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ተኸቲሉ፡ ፊት ንፊት ኣንጻር እቲ ኣዝዩ ዓርምሸሽ ሓይሊ ዝግመት ዝነበረ ስርዓት ሃይለ ስላሴ ክገጥም እንከሎ፡ ንሱን መቃልስቱን በጃ ሓሊፎም ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛእ መሬቱ ብሰላም ቀሲኑ ንኽነብር መታን እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ሕልሚ ስውእ ጀግና ኣቡ ሪጀይላን ኩሎም ጀጋኑ ሰማእታትናን ተጨውዩ፡ እነሆ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኩነታት ይርከብ።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት፡ብጋጣም መበል 55 ዓመት ዝኽሪ ማዓልቲ ተጎሩባ፡ ህዝናብ ካብዚ ጠንቂ ሕሰም ዝኾነ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ዝገላገለሉ፡ እቲ እንኮ ምርጫ ሓባራዊ ቃልሲ ስለ ዝኾነ፡ኩሉካል ኣዊ ፍልልያቱ ኣወጊዱ፡ ሓቢሩ ክቃለስ መድረኽ ይጽውዕ።

**ዓወት ንዉጹዕ ቃልሲ ህዝብና**
**ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**
**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን**
**15-03-2019**